ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

19 መጋቢት 2012 ዓ.ም.ግ.
28 መጋቢት 2020 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2012-229

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ መንግስታዊ ኣዋጅን 'ኸሜንተ ኣምስተርዳም' ዘውጸአ መግለጺን ብዛዕባ ምክልኻል ኮሮና ቫይረስ ብዝምልከት፥

ናብ ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡

መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕዳም ኣብ ህይወትኩም ምሉእ ጥዕናን፡ ናይ እግዚኣብሔር ምሉእ ምሕረትን ክህልወኩም ንምኑ።
ኣስዒብና ከኣ እዚ ዝስዕብ እዋናዊ ኣገዳሲ መልእኽቲ ከነመሓላልፈልኩም ንፈቱ፥
ነቲ መግሥቲ ነዘርላንድ ኣውጺእዎ ዘሎ እዋናዊ ውሳኔ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣመሓዳሪት ኸሜንተ ኣምስተርዳም ወ/ሮ ፈምከ ሃልሰማ፡ ኣቦመንበር /Voorzitter van de Veiligheidsregio Amsterdam-Amstelland en burgemeester van Amsterdam/ ንዘመሓላለፈቶ ኣገዳሲ መልእኽቲ መሠረት ብምግባር፡ ጸሚቑና ነቕርበልኩም ኣሎና።

1- ክሳብ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ኣብ ደገ ወጺኦም ክጻወቱ ይኽእሉ ኢዮም፣

2- ኩሎም መንእሰያትን ዓበይቲን ኣበይ ቦታ ኣለዉ ብዘየገድስ 1.5 ሜትሮ ካብ ዝኾነ ሰብ ክፈናተቱ ይግባእ፣

3- ብጉጅለ ካብ 3 ሰብ ንላዕሊ ኣይፍቀድን ኢዩ፣ ብሓንሳብ ዘቤታዊ ሥራሓት ክትሠርሕ እንተዘይኰይኑ፣

4- ክሳብ 1 ሰነ (tot 1 juni) 2020 በዓላትን ማሕበራዊ ኣኼባታትን ኣይፍቀድን ኢዩ፣

5- ሃይማኖታዊ ምትእኽኻብን ኣገልግሎትን ብዝምልከት፡ ካብ 30 ሰባት ንላዕሊ ክህልዉ/ክግበር ኣይፍቀድን ኢዩ። እዚ'ውን ን(ቤተክርስትያናዊ) መርዓን ቀብሪን ይምልከት። ይኹን ደኣ እምበር፡ ዋላ'ኳ ደገፍን ምጽንናዕን ንምሃብ ክቱር ድሌት እንተሃለወ፡ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት/ኣካላት፡ እቲ ምትእኽኻብ ብዝተኻእለ መጠን ክካየድ ከምዘይይብሉ ኣመሓዳሪት ወ/ሮ ሃልሰማ ምኽራ ትልግስ። ቀጺላ'ውን ነቲ ዝካየድ ዘሎ እንዳመስገነት፡ ኣገልግሎት ብመራኸቢ ብዙሓን (online dienst) ክካየድ ኣጥቢቓ ትላቦ፣

6- ማሕበራዊ ስፖርት ንምግባር ዝጠቕሙ ኩሎም ኣቑሑት (ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ) ንኣገልግሎት ተኸልኪሉ ኢዩ፣

7- ምምሕዳር ከተማ/ኸሜንተ/ ኣምስተርዳም ካብ ዘለዎ ሻቕሎት ተበጊሱ፡ ኣብ ብዙሕ ሰብ ዝራኸበሉም ቦታታት፡ ካሜራ ተኺሉ ምክትታል ከም ዝገብር ንህዝቢ ይሕብር። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን'ውን ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ቦታታት ተውሳኺ ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድ ከም ዝኽእል ኣዛ ኣመሓዳሪት (Burgemeester) ትሕብር፣

8- ነቲ ተመሓላሊፉ ዘሎ መምርሒ ናይ 1.5 ሜትሮ ምርሕሓቕ ዘይክተል ሰብ ምስ ዝርከብ፡ ፖሊስን ኣኽበርቲ ሕጊን ብርቱዕ መቕጻዕቲ ከም ዝህቡ ተበይኑ ኣሎ።

**መተሓሳሰቢ፥**
ንጭቡጥ ሓበሬታን ሓገዝን ዝምልከት ኣብ ታሕቲ ዘሎ 'ወብሳይት' ተመልከቱ። ተቐማጦ ኣምስተርዳም ከኣ ንሓገዝ ብዝምልከት online platform "wijamsterdam.nl" ተጠቐሙ/ተወከሱ።

L.S.
Wilt u goed geïnformeerd zijn en blijven, kijk dan www.RIVM.nl en op www.amsterdam.nl
Vanaf 27 maart 2020: voor steun aan Amsterdammers of verzoeken om hulp: wijamsterdam.nl

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን

መልኣከ ሰላም ቀሺ ክብሮም ኪዳነ

ኣቦመንበር

***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም***
*Het Kerkelijke bestuur*
Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com
www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965**
**1081 JG Amsterdam**
**Nederland**